4

ንፈተነ ዝተዳለወ ናይ ተማሃራይ ናይ ዕዮ መጽሓፍ

# ዑደት ህወታውያን፣ ተኽሊ

## ራብዓይ ክፍሊ



ስም . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .


ANGIOSPERMS
SPHENOPSIDS
FERNS
GYMNOSPERMS
BRYOPHYTES
ALGAE

## ዑደት ህወታውያን፣ ተኽሊ

ግድል፡ ኣብ መንጎ ዕፉንን ባልደንጋን እንታይ ፍልልይ ኣሎ?

እንትይ ዩ ትጽቢትኪ/ካ? ______________________________

መሳርሒታት፡ ን24 ሰዓት ዝተኣልከ ዘርኢ ዕፉንን ባልደንጋን፣ ትንቱራ፣ 1 ፋል ምስ ቅራፋ፣ መጉሊሒ መነጽር (ለንስ)፣ ማይክሮስኮፕ

ኣገባብ፡

### ዘርኢ ዕፉን

1. መምህርካ ኣብ ፍርቂ ዝቆረጾ ዘርኢ ዕፉን ተዓዝብ፣ ነታ ሓንቲ ፍርቂ ትንቱራ ኣንጥበላ፣ ብድሕርኡ ብመጉሊሒ መነጽር ወይ ድማ ብማይክሮስኮፕ ዝተዓዘብካ/ኪዮ ሰኣል ክፍልታት ድማ ኣመልክት።
2. እቲ ናብ ጸሊም ሰማያዊ ዝቀየር ክርሲ ክኸውን ከሎ፣ ናብ ሮዛ ዝቀየር ድማ ዕሽላዊ ቆጽሊ እዩ።
3. ዕሽላዊ ቆጽሊ ረኺብካ? _______ክንደይ እዮም?__________ ኣየናይ ክፋል ዩ ቅራፍ?___________

### ዘርኢ ባልደንጋ

1. መጀመርታ ነቲ ቅራፍ ኣልግስካ ነቲ ዘር ኢ ተዓዘብ።
2. ብእድካ ተጠንቂቕካ ኣብ ክልተ ምቐላ።
3. ብድሕርኡ ነታ ሓንቲ ፍርቂ ትንቱራ ኣንጥበላ፣ዝተዓዘብካ/ኪዮ ሰኣል ክፍልታት ድማ ኣመልክት።
4. ክርሲ ረኺብካ? ዕሽላዊ ቆጽሊኸ ክትረክብ ዶ ክእልካ? _____________ ክንደይ እዮም?_______ ቅራፍ ከ?____________
5. ልክዕ ከምቲ ኣብ ዘርኢ ባልደንጋ ዝገበርካዮ ንዘርኢ ዕፉን ክትከፍት ፈትን። ይካኣል ዶ?T

| ዘርኢ ዕፉን | ዘርኢ ባልደንጋ |
|---|---|
| | |

ተመሳሳሊ ስራሕ ኣብ ፋልን ጉልዕን ፈትን።.

መደምደምታ፡ እንታይ ትድምድም?

______________________________

______________________________

**ዑደት ህወታውያን፣ ተኽሊ**



Monocots

| ዕፉን | ባልዶንጋ |
|---|---|
| 1. ሓደ ዕሽላዊ ቆጽሊ ኣለዎ | 1. ክልተ ዕሽላዊ ቆጽሊ ኣለዎ |
| 2. ማዕረ ማዕረ ዝተሰርዐ ሱር ቆጽሊ ኣለዎ | 2. ዝትጨናፈረ ሱር ቆጽሊ ኣለዎ |
| 3. ክፍልታት ዕምባባ 3 ወይ ድማ ርባሕ ናይ 3 እዮም | 3. ክፍልታት ዕምባባ 4/5 ወይ ድማ ርባሕ ናይ 4/5 እዮም |



Dicots



leaf of a monocot



leaf of a dicot

cross section of monocot stem





cross section of dicot stem

ዑደት ህወታውያን፣ ተኽሊ




ካርቦንዳዮክሳይድ + ማይ == መግቢ + ኦክስጅን

እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ ተወክስካ ብዛዕባ ምድላው መግቢ ኣብ ተኽሊ ሓደ ቴማ ጽሓፍ።

**ዑደት ህወታውያን፣ ተኽሊ**

**ግድል፡** መግቢ ስታርች ክምዘለው ከመይ ጌርና ንፈልጥ?

**ትጽቢትካ እንታይ እዩ?** ______________________________________________

**መሳርሒታት፡** ትንቱራ፣ መንጠቢ መድሃኒት፣ ንእሽተይ መትሓዚ

**ኣገባብ፡** ትንቱራ መግቢ ስታርች ዘለዎን ዘይብሉን ንምፍላጥ ይሕግዘና። ቁሩብ መግቢ ወሲድካ ትንቱራ ኣንጥበሉ። ብድሕርኡ ትዕዝብትኻ ኣብ ዝስዕብ ሰንጠረዥ መዝግብ።

| መግቢ | ውጽኢት | መግቢ | ውጽኢት |
|---|---|---|---|
| ቅጫ | | ማይ | |
| ድንሽ | | ባልደንጋ | |
| ብሽኮቲ | | ኣራንሺ | |
| ባናና | | ጠስሚ | |
| ቱፋሕ | | ዘይቲ | |
| ካራመለ | | ቆጽሊ | |
| ስጋ | | በርበረ | |
| ፋል | | ፕላስቲክ | |
| ዓተር | | ሽጉርቲ | |

ትንቱራ መግቢ ስታርች ዘለዎን ዘይብሉን ንምፍላጥ ይሕግዘና። ስታርች እንተለዎ ናብ ሓውሲ ጸሊም-ሰማያዊ ሕብሪ ይቕየር። ______________________________________________

**መደምደምታ፡** ተኽሊ ስታርች ብኸመይ ኣገባብ ይሰርሑ?

______________________________________________
______________________________________________
______________________________________________
______________________________________________
______________________________________________
______________________________________________
______________________________________________